# <u>ብድሮ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ኣብ ሰሚናር ህግደፍ ዘጋጠመ ተርእዮ መንእሰያት</u>

ነዚ ብሓድነት ኤርትራውያን ተወዲቡ፣ ሎሚ ጥቅምቲ 30 ብዓወት ዝተዛዘመ ሰላማዊ ሰልፊ ምድላዋት ኣብ ዝግበረሉ እዋን፣ ሓድሽ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፣ ብድሮ እዚ ሰላማዊ ሰልፊ ዝግበረሉ ዕለት ካከይድ ዝጸውዖ ኣኼባ ከም ዘሎ፣ ተፈሊጡ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት፣ ማለት ብዕለት 29 ጥቅምቲ 2006፣ ካብቶም ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ንምስታፍ ዝመጽኡ መንእሰያት ዝተዋጽኡ፣ ናብቲ ኣምባሳደር ግርማይ ገብረማርያም ዝጸውዖ፣ ነዚ ሰላማዊ ሰልፊ ንምቑጻይ ዝዓለመ ሰሚናር ተሳቲፎም።

ኣብዚ ኣስታት 300 ዝተሳተፍዎ ሰሚናር፣ መእተዊ መደረ ብኣቶ ብርሃነ ገብርሂወት ቀሪቡ፡፡ ስዒቡ፣ መድረኽ ንኣምባሳደር ግርማይ ተገዲፉ። ኣቶ ግርማይ፣ "ብሓፈሻ ንመጸዋዕትና ኣኽቢርኩም፣ ብፍላይ ከኣ ንዓይ ንወኪልኩም ሰላም ክትብሉ ብምምጻእኩም፣ ሕጉስ ኢየ!" ብምባል፣ መደረኡ ጀሚሩ፡፡ ቀጺሉ፣ ሕቶ ሰላምን ምሕንጻጽ ዶብን፣ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን፣ ኩነታት ቁጠባ ሃገርን ዝምልከት፣ ብፖለቲካ ዝተላዕጠጠ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፣ ብዛዕባ ዓ ወት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳንን፣ ኩነታት ሶማልን፣ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራን መግለጺ ሂቡ። ብድሕር'ዚ፣ መድረኽ ንሕቶን መልስን ክፉት ኮይኑ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፣ እቶም ኣብቲ ሰሚናር ዝተሳተፉ መንእሰያት፣ በብወገኖም፣ መንግስቲ ህግደፍ ለባም እንተዝኸውን፣ ቅድሚ ጉዳይ ሱድንን ሶማልን ከድህበሎም ዝግብኦ ዝነበሮ ኣመና ኣገደስቲ ሕቶታት ኣቕሪቦም፡፡

ካብቶም ዝቀረቡ ሕቶታት፣ እዞም ዝሰዕቡ ይርከብዎም፣

ሕቶ ቁጽሪ 1፦
ክቡር ኣምባሳደር፣ ኣብ መግለጺኻ፣ "ህዝቢ ከይሓዝካ ምኻድ፣ በይንኻ ከም ምጥቃዕ'ዩ ዝሕሰብ" ኢልካ፡፡ ቤት ጽሕፈትካ ንኣገልግሎት ህዝቢ ምዃኑ ገሊጽካ፡፡ ህዝቢ ግን፣ እዚ ኢልካ ክትገልጾ ብዘይከኣል ግፍዒ ይሳቐ ኣሎ፡፡ ንኣብነት፣ ምእሳር ብጂ-15 ዝፍለጡ ዓበይቲ ሓለፍቲ መንግስቲ ኤርትራ ነበር፡፡ ምእሳር ጋዜጠኞት፡፡ ምግፋዕ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ፡፡ ተመሃሮ፣ ዝገበሩ ዘይብሎም፣ ንዊዓ ተወሲዶም፡፡ ብሰንኩ፣ ብህሮርማ ጽሓይ፣ ክልተ ተመሃሮ ሞይቶም፡፡ እቲ ግፍዕታት ግን፣ ኣብዚ ጠጠው ኣይበለን፡፡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ደቆም፣ "ካብ ዓዲ ሃዲሞም!" ተባሂሎም፣ ኣረጋውያን ኣብ ፈቐዶ ማእሰርቲን ማሕዩርን ተዳጒኖም ይርከቡ፡፡ ገሊኦም ድማ፣ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝኾነ ገንዘብ ክፈሉ ተባሂሎም፡፡ ምስ ዘይከፍሉ ድማ፣ ኣብ ኣዝዩ ኣህላኺ ዝኾነ ጉልበታዊ ስራሕ፣ ተገዲዶም ክምዝሰርሑ ይግበር ኣሎ፡፡ ስለዚ፣ "ንኣገልግሎት ህዝቢ ውፉያት ኢና!" ትብለናስ፣ እዞም ዝሳቐዩ ዘለዉኸ፣ ህዝቢ ዶ ኣይኮኑን? ካልእ ህዝቢ ኣለና'ድዩ?

መልሲ ኣምባሳደር፦
ጂ.15 - ጂ.15 ኣይትበሉ፡፡ 15 ሰባት'ዶ ይበዝሑ፣ ወይስ 3.5 ሚልዮን? ናይ ልኡላውነትን፣ ህላዌ ሃገርን ሕቶ ስለዝኾነ፣ መንግስቲ ብዕቱብ ሒዝዎ ኣሎ፡፡ ባዕሉ ድማ ይሕተተሉ። እዚ ወለዲ ተኣሲሮም ትብልዎ ድማ፣ ኩሉ ንመንእሰያት ካብ ዓዲ ንኽወጹ ዝተሓባበረ፣ ክእሰር'ዩ።

ሕቶ ቁጽሪ 2፦
ኣተሓሕዛ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት መንግስቲ ኤርትራ ኣዝ'ዩ ተዳኺሙ ኣሎ፡፡ ካብ እንታይ'ዩ ትብል?

መልሲ ኣምባሳደር፦
ናይ ወጻኢ ዝምድናታትና ኣማሓይሽና ኢና፡፡ ንኣብነት ንሱዳን ዕርቂ ኣውሪድናላ፡፡ ጉዳይ ሶማል ንስርሓሉ ኣለና፡፡ ብጀካ ኣመሪካ መንዶ ጸላኢ ኣለና ኢዩ?

**ሕቶ ቁጽሪ 3፡-**

“10,000 ተመሃሮ ክቕበላ ዝኽእላ፡ 7 ኮሎጃት ኣለዋና!” ኢልካ፡፡ ኣብ ወግዓዊ ልሳን መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሻባይት ዶት ኮም ከም ዘንበብናዮ፣ “እቲ ኣብ ኣስመራ ዩንቨርስቲ ዝነበረ መሳርሒታት፡ ናብተን ተኸፊተን ዘሎዋ ኮሎጃት ተመቓቒሉ!” እዩ ዝብል፡፡ ሰለዚ፡-

ሀ) ሓንቲ ሕምባሻ ን7 እንተመቒልካያ፡ 7 ሕምባሻ ዶ ትረክብ ኢኻ? ከመይ ክኸውን ከምዝኽእል ዶ ምገለጽካልና?

ለ) ዋላ ሕራይ'ስከ፡ ኮለጃት ኣለዋና ንበል፡፡ ጉዳይ ዓለም-ለኻዊ ተቀባልነትን ብቕዓትን ናይተን ኮለጃትከ፡ (accreditation) ክመይ ይኸውን ኢልካ ትሓስብ?

**መልሲ ኣምባሳደር፡-**

ንሕና ዘድልየና ዓቅሚ ሰብ ነማዕብል ኣለና፡፡ ብዛዕባ ሽም (accreditation) ኣይገድሰናን'ዩ፡፡ እቲ 7 ሕምባሻ ዝበልካዮ ግን፡ ሰቕ ኣልካ ሃለውለው'ዩ፡፡

**ሕቶ ቁጽሪ 4፡-**

እዞም ኩሎም ናይ ፖለቲካ እሱራትን፡ ካልኦት ብመንግስቲ እንዳ ተጨውዩ ዝተኣስሩን ዝእሰሩ ዘለዉን፡ መዓስ'ዩም ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐርቡ? ብተወሳኺ፡ ካብቶም ዓበይቲ ሐለፍትን ጋዜጠኛታትን፡ ሞይቶም ዝብሃል ወረ ኣሎ፡፡ ሓቂ ድ'ዩ?

**መልሲ ኣምባሳደር፡-**

ንሕና፡ ብዝመስለና ግዜ፡ እቲ ዘድሊ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና፡፡ እቲ ሞይቶም ገለ ትብልዎ ከኣ፡ ኣነ ኣብ ሎንዶን ከለኹ፡ ከምኡ ሰሚዐ፡፡ ድሓርን ግን፡ ብሂወት ከምዘለዉ ኣረጋጊጸ፡፡

**ሕቶ ቁጽሪ 5፡-**

ንስልጠና ናብ ወጻኢ ሃገራት ዝተላእኩ፡ ብስግኣት ሕማቕ ኣተሓሕዛ መንግስቲ፡ ንዓዶም ኣይተመልሱን፡፡ ንኣብነት፡ 600 ተመሃሮ ደቡብ ኣፍሪቃ ምጥቃስ ይከኣል፡፡ ካልኦት ብዙሓት ድማ፡ ኣብ ኣሜርካን ኤውሮጳን ኣለዉ፡፡ መንግስቲ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ንኤርትራ ምስ ተመልሱ፡ ከይእሰሩ፡ እንታይ ዓይነት ውሕስነት ክህቦም ይኽእል?

**መልሲ ኣምባሳደር፡-**

ኩሎም፡ ብፍላይ መንግስቲ ዝሰደዶም፡ ክምለሱ፡ ብሕጊ ግቡእ ኣለዎም፡፡

**ሕቶ ቁጽሪ 6፡-**

ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሳብ መዓስ'ዩ ክቕጽል? ማለት፡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን፡ ን10 ዓመት መመላእታ፡ ኣብዘይ ሞይኦምን፡ ኣብዘይድልየቶምን ዓይነት ስራሕ፡ ብዘይ ደሞዝ፡ ከርተት ይብሉ ኣለዉ፡፡ ነዞም ሰባት እዚኦም፡ መንግስቲ ክሳብ መዓስ'ዩ ጆሆ ክሕዞም? ነዛ ሕቶይ፡ ከምቲ ኣቓድም ኣቢልካ ዝገበርካዮ፡ ከይመለስካያ ከይትሓልፍ፡፡

**መልሲ ኣምባሳደር፡-**

ልዑላውነትን፡ ክብሪ ሃገርን ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ክግበር ዝከኣል ነገር የለን፡፡

ከምዝተኸታተልኩሞ፡ ኣምባሳደር፡ ኣብ ጉዳይ ሱዳንን ሶማልን'ምበር፡ ጉዳይ ግፍዕን ማእሰርትን፡ ሞትን፡ ስደትን ህዝቢ ኤርትራ ብዝምልከት፣ መቓልሕ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ካብ ምዃን ክሓልፍ ኣይከኣለን፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ሰሚናር ተዛዚሙ ብዝኽሪ ሰማእታት ምስተዓጽወ፣ እቶም ተቓውሞ ዘስምዑ መንእሰያት፡ ካብቲ ኣደራሽ ሰሚናር ቅድሚ ኹሉ ብምውጽእ፣ ንፍትሕን ርትዕን ዝጽውዕ

ጽሑፍ (pamphlet) ንኹሉ ተሳታፋይ፣ ክዕድሉ ጀሚሮም፡፡ ኣምባሳደር ግርማይ ከይተረፈ፣ ሓደ ቅዳሕ ናይቲ pamphlet ተዋሂብዎ። ድምጺ መሰልና ደሊና'ውን፣ ኣብቲ ቀጽሪ ብዓውታ ትቃላሕ ነበረት። ብትብዓት እቶም መንእሰያት እተደነቑን ዝሰንበዱን ናይ ህግደፍ ተደናገጽቲ፣ ካብቲ ቀጽሪ ክሃድሙ ከለዉ፣ ገለ ካብኣቶም ግን፣ ክመሻሽኑ ተራእዮም፡፡ *“ዘይንላዘብ፣ ስለምንታይ ኢኹም ከምዚ ኢልኩም ትውዕዩ?”* ክብሉ ተዛሪቦም፡፡ ብዙሓት ካብ ተሳተፍቲ ድማ፣ *“ንዓዲ ክንከይድ ኮይንና፣ ክንመላለስ ደሊና ፈሪሕና'ምበር፣ ሓቕኹም እዞም ደቀይ!”* ብምባል፣ ነቲ ኣጸቢቕና እንፈልጦ ሓቂ፣ ማለት፣ ህግደፍ፣ ብዘይካ ዝረዓደ፣ ዝፈተወ ሰዓቢ ከም ዘይብላ ኣረጋጊጾምልና፡፡ ገለ ድማ፣ “*ብልብና፣ ምሳኹም ኣለና!*” ዝብል መልሲ ሂቦም፣ ብፍሽክታ ተፋንዮም፡፡

ዘበን ራዕዲ ተሳዒሩ!

*መንእሰያት ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዋሽንግቶን ዲሲ*
ጥምቅቲ 30፣ 2006